ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፣ መቐለ

Seb-Hidri Civil Society of Tigray

Tigray, Mekelle

# ካብ ሰብ ሕድሪ ዝቐረበ እዋናዊ ፃውዒት

ህዝቢ ትግራይ: ንመንነቱ፣ ንክብሩን ንዓዱን መዋእሉ ኩናት ኣየቋረፀን፤ ዳርጋ ዕጭኡ ክሳዕ ዝመስል ክዋጋእ ነቢሩን ይነብር ኣሎን ጥራሕ ዘይኮነስ: ታሪኹ ቅድሚ ቀዳሞት ቁፅሩ ግን ሕጂ ውን ምስ ወሓደ እዩ።

ብኩናት ተቓሊሱ ክስዕር ሓዱሽ ነገር ኣይኮን። በብዘመኑ ዝገበሮም ቃልስታት ግን ዘተኣማምንን ቀፃላይን ሰላም ክምፅእሉ ኣይረአን። እኳዳኣስ ኣብ ዓመት ክም ዘሎ ናይ ወቅቲታት ምድግጋም፤ ዑደቶም እናሓለው ናብ መስካሕክሒ ኩናታትን መስዋእቲን ከእትውዎ ይረአ ኣሎ። ንዘመናት ብዝገበሮ መሪር ቃልሲ መፃኢ ዕድሉ ከይውስን እንዳተመንጠለን እንዳምለጦን ይረአ። እዞም ዕድላት ክምልጥዎ ዝኽኣሉ ብቐንዱ ኣብ መንጎ በቢዘመኑ ዝነበሩን ዘለዉን ሙሁራት፣ መማሓደርትን ሃፋትምን ዝህሉ ንቅሓትን ቅንዕናን ይምስረት። መማሓደርቲ፣ ሙሁራትን ሃፋትምን ኢሉ ብውልቀ ይኹን ብጉጅለ ዕልዋ ዘለዎምን ውልቀሰባት ትግራይ: ስለ ትግረዋይነትን ረብሓታት ትግራይን እንተተኻኢሉ ተመሳሳሊ እንተዘይኮይኑ ተቐራራቢ ግን ዝተዓረቐ መርገፂ ክህልዎም እንዳተገበአ: ገለ ብምፍላጥ ገለ ብዘይ ምፍላጥ: ገለ ንውልቀ ስሚዒት ክም ደቂ ዛግራ ፉሕ ጭንግራሕ ክብሉን ንሓደ ግልፂ ሓቂ ዕስራ መብርህን መብራህርን እናደራረቡ ዕንክሊል ክብሉ ይረአዩ ነይሮምን ኣሎዉን።

ረብሓ ትግራይ ክም ናይ ውልቀሰባት እምነት ዝውሰድ ዘይኮነስ: ኣብ ነባራዊ ኩነታት ዓለምናን ኣህጉርናን ዝተመስረተ ብፅንዓት ዝፀረየ መርገፂን ዘይቕየርን ክኸውን ክኽእል እንዳሃለዎ፤ ኣብ መንጎ ሓደ ሓደ ሙሁራትና ክም ናይ ፍሕፍሕ ፍልፍል ክኸውን ይረአ ኣሎን ነቢሩን እዩ።

ህዝብና ክምስል ክሎ "ይትረፍዶ ሰብስ እምኒ ምስ እምኒ እኳ ዝጋጮ" ይብል። ይኹን እምበር ክህሉ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ጎንፂ ዝፈትሐሉ መንገዲ ንዘመናት ዘዕበዮን ዘብለሖን ልምዲ ኣለዎ። ይኹን እምበር ቀለም ንዝቀመሱ : ፖለቲካ ለዊሶም ወንበር ንዝሓዙ መገዛ ደቁ እቲ ዘለዎ ልምድን ፀጋን ክገልግሎም ኣይረአን። ብዚ ውን ኣብ በብመንገዱ መገዛ ኣካሎም እናቆረፁ ሓይሎም እናጉደሉ ሓሊፉ ውን ስረይ ስረኻ ነንባዕሎም ክራፀሙን ካብ ናይ ህዝቢ ድሌትን ክብርን ንናይ ባዕሎም ክብሪ ከቐድሙ ይረአ ኣሎ።

ካብዚ ብምብጋስ ሎሚ፤ ኣብዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓርጎፅጎፅ ንናይ ባዕሉ ክብርን ብናይ ውልቀ እምነትን ተመስሪቱ ንረብሓ ህዝቢ ፍርዲ ክህብ ዝሙኩር ተወላዲ ፣ ነቲ ዝኣመኖ ናብ ተግባር ክቕይር ምስ ዘይቀደውትና ዝተዓራረኽ፣ ናይቲ ዘዕበዮን ዝናበዮን ህዝቢ ስምዒት ወሪዱ ከየዳመፀ ኣነ እየ ዝፈልጠልካ ዝብል፣ ኣብ ዝነበሮም ናይ ስራሕን ናይ ቃልስን ግዜ ብዝነበሮም ዘይምቅድዳው ሕነ ክፈዲ ላሕ ዝብል ኩሉ ብህዝቢ ትግራይ ብዓቢይኡ ብሰብ ሕድሪ ካዓ ብፍላይ ተቐባልነት የብሉን።

**ሰብ ሕድሪ ሲቪል**
**ማሕበረ-ሰብ ትግራይ**
**ትግራይ ፡ መቐለ**

**Seb-Hidri Civil Society of Tigray**
Tigray, Mekelle

ሕጂ ውን ደጊምና ክንሕብሮ ንደሊ ቁምነገር እንድሕር ሃልዩ፧ ውልቃዊ ስምዒትን ክብርን ንምሕላው ምስ ናይ ህዝቢ ጠቕሚ ዘወዳድር ተወላዲ ትግራይ ተቐባልነት የብሉን ጥራሕ ዘይኮነስ ዘይንዓወሮን ዘይንሕንጉሮን መንቀርሳ ሓድነትና ስለ ዝኾነ ብትሪ ንቃለሶ ምኻና ውን ክነፍልጥ ንደሊ።

እዚ እንትርፊ ንውልቀ ስምዒትኩም ንደቕኹምን ንህዝብኹም ዘይረብሕ ኣካይዳ ስለ ዝኾነ ግዜ ከይረፈደ ብኣግኡ ናይ ህዝብኹም ውረዱ: ስለ ወቕታዊ ኩነታት ህዝብኹም ዘለዎ ናይ ልቢ ትርግታ ኣድምፁ። ልዕሊ ናይ ህዝቢ ትርግታ ልቢ ሕጊ ስለ ዘየለ ብኡኡ ተገዝኡ ይብል ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ። ትርግታ ልቢ ህዝብና ኣብ ዝደለየ ናይ ግዜ ኣጋጣሚ: ንረብሕኡን ህላወኡን ኣብ ሕሉፍ ሂወቶም ዝኸፈሉን ክኸፍሉ ዝተዳለዉን ደቁ ጀጋንኡ እዮም። ጀጋኑ ደቀይ ውን ይብሎም። ብማዕረ ውን የክብሮም።

ዝተኸበርካ ህዝቢ ትግራይ: እወ ንፈልጥ እዞም ናይ ታሪኽን ግዜን ኣጋጣሚ ኮይኑ ንዕድልካን ንመዓኢኻን ክውስኑ ኣብ ወሰንቲ ቦታታት ዘለው ደቅኻ እቶም ብህፃንነቶም ናቢኻ ዘዕበኻዮም እዮም። እወ ንፈልጥ እዞም ኣፍቲ ሕጂ ኣብ ህልውን መፃኢን ዕድላትካ ክውስኑልካ ዝተቐመጡ ሓለፍትናን ሙሁራትናን እቶም ብፍጡራት ደቂ ሰባት ክስራሕ እዩ ኢልካ ዘይእመን ጀግንነትን ታራኽን ሰሪሖም ናፍቲ ናይ ብሄርን ብሄረሰባትን ኢትዮጵያ ዝተጎናፀፍዎ ናይ ሉኣላዊ ስልጣን ክውንኑ ዝገበሩ ጀጋኑና እዮም። እወ ንፈልጥ እቶም ኮስኪስካ ዘዕበኻዮም ጀጋኑኻ እዮምን ኢናን። ኮይኑ ግን ኣብ ዝለዓለ ብልሒ ምስ ኣብፃሕኻዮም ብብልሒን መትከላትን ትግረዋይነት ንምቕፃሎም ክከታተልን ክግደስን ዘለዎ ከም ውሉድ ንስኻ እኻ እሞ ቀፃላይ ክትትልካን ማዕዳኻን ተግሳፅን ኣብ ቐረባና ይኹን።

በዚ ኣጋጣሚ ውን፧ ተጋሩ ዓበይቲ ዓዲ: ምሁራን ናይ ሃይማኖት ኣቦታትን ነዚ ተበግሶ ወሲድኩም ትግራይን ህዝባን ካብ ስረይ ሰረካ ዝመበገሲኡ ዕንወት ክትድሕን እጃምኩም ክትዋፅኡ ንፅውዕ።

ሰብ ሕድሪ በጃ ትግራይን ህዝባን ንዝግብር ቃልሲ ኩሉሻዕ ኣብ ቅድመ ግምባር ከም ዝርከብ ድማ ክነረጋግፅ ንፎቱ!

**ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑና!**

**ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ**

**ሕዳር 20/ 2011 ዓ.ም**

**ትግራይ**

**<u>መቐለ</u>**